ካልኣይ ዓለም-ለኻዊ ጉባኤ

ካቶሊካዊ ኤጻርቅና ከረን

ሃገረ ጀርመን

ቪስባደን-ናውሮድ - Wiesbaden, Germany

ካብ 17 - 19 ነሓሰ 2012

Catholic Eparchy of Keren

www.eparchyofkeren.com

ቃለ–ጉባኤ

ሃገረ ጀርመን – ቪስባደን–ናውሮድ
17–19 ነሓሰ 2012

መእተዊ ሓሳብ፥

ካልኣይ ዓለም–ለኻዊ ጉባኤ ካቶሊካዊ ኤጻርቅና ከረን ካብ ዕለት 17–19 ነሓሰ 2012 ኣብ ከተማ ቪስባደን ሃገረ ጀርመን ተኻዩዱ። እዚ ካልኣይ ጉባኤ ኤጻርቅና ከረን መቐጸልታ ናይቲ ካብ ዕለት 11–13.6.2010 ኣብ ከተማ ከሎምበስ ኦሃዮ (ሕቡራት ሃገራት ኣመሪካ) ዝተኻየደ ጉባኤ ኮይኑ፡ ብሓልዮት ብፁዕ ኣቡነ ኪዳነ የዕብዮ ዝተጋብኤ እዩ። ኣብ ጉባኤ ዝተኻፈሉ ካብ ዝተፈላለዩ ኩርነዓት ዓለም፡ ኣመሪካ፡ ካናዳ፡ ጀርመን፡ ሽወደን፡ ኖርወይ፡ ዓባይ ብሪጣንያ፡ ዓዲ ጣልያን፡ ኤርትራ ዝመጹ ደቂ ኤጻርቅና ከረን ነበሩ።

እዚ ካልኣይ ዓለም–ለኻዊ ጉባኤ ቀንዲ ዕላማኡ፥

- ✓ **ኤጻርቅና ከረን ኣብ ኩሉ ሽነኻት ርእሳ እትኽለለኡ መንገድታትን ጥበባትን ምንዳይ ኮይኑ፤**
- ✓ **ብፍላይ ከኣ፡ ኣብ መደብ–ዕዮ ምዕብልናን ልምዓትን ኤጻርቅና ብዝምልከቱ ካልኣይ ጉባኤ ዘላቂ ፍታሕ ክረኽበሎምን ከናድን እዩ።**

ቀዳማይ መዓልቲ ጉባኤ
ዓርቢ ምሸት 17 ነሓሰ 2012

- **ድሕሪ ቀትሪ ብመሪሕነት ብፁዕ ኣቡነ ኪዳነ ካህናትን ምእመናንን ኣብ ዝተረኽቡሉ መስዋዕተ ቅዳሴን ቃለ ማዕዳን ቡራኬን ብምልጋስ ንጉባኤ ብዕሊ ከፈትዎ።**
- **ኣብ ቀዳማይ ጉባኤ ኣብ ኣመሪካ ብ2010 ዝተመርጹ ሽማግለታትን ተሓጋገዝቶምን ከኣ ቃለ ጉባኤ ኣንቢቦም።**
- **ካብ ኣመሪካ፡ ካናዳ፡ ጀርመን፡ ሽወደን፡ ኖርወይ፡ ዓባይ ብሪጣንያ፡ ዓዲ ጣልያን ዝተገብሩ ንጥፈታት ጸብጻብ ኣቕሪቦም።**
- **ምስ ጸብጻባት ኣተሓሒዞም'ውን ተመኩሮታት ስርሓቶም ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣብ ቀጻሊ ስራሓት ሓነጽቲ ዝኾኑ ለበዋታትን ርእይቶታትን ንተኻፈልቲ ኮንፈረንስ ኣቕሪቦም።**

ካልኣይ መዓልቲ ጉባኤ
ቀዳም 18 ነሓሰ 2012

ኣባላት ጉባኤ ብስምረት ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ዕለቱ ክግበር ዘለዎ መደባት ብዝርዝር ንተጋባእቲ ተገሊጹ። እዚኣቶም

1. ብፁዕ ኣቡነ ኪዳነ የዕብዮ ኣብ ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን ብዛዕባ ዝፍጸሙ ዘለዉ መንፈሳዊ ስርሓት ዝርዝራዊ ጸብጻብ ከቕርቡ ምኻኖም
2. ኣባ ዑቑባጋብር ወልደጊዮርጊስ ዋና ጸሓፊ ቤ^ጽሕፈት ኤጵርቅና መንፈሳውን ማኅበራውን ንጥፈታት ኤጳርቅና ከረን ጸብጻብ ከቕርቡ ምኻኖም
3. ዶ/ር ኣሚነ ኪዳነ ብዛዕባ ኩነታት ኤጳርቅና ኣብ ዝሓለፈን ዘሎን ዝመጽእን ጸብጻብ ከቕርቡ
4. ዶ/ር ክፍለማርያም ሓምደ ብዛዕባ ኣብ ሓዲስ ወለዶ ዝረአ፡ ኣብ ባህልን መነባብሮን ዝርአ ከቢድ ነጸብራቅን ጽልዋን (body in Europe mind in Africa) ኣብ ዝብል ኣርእስቲ ኣስተምህሮ ክህቡ ምኻኖም
5. ዲያቆን ብርሃነ ኢብራሂም ህላዌና ከም ቤተክርስቲያን ከመይ ንመስል? ኣብ ዝብል ቴማ
6. ክቡር ኣባ ኣስፈሃ ኪዳነማርያም ድማ ኣባታዊ ማዕዳ ከስምዑና ምኻኖም ተሓቢሩ።

1. ጸብጻብ ብፁዕ ኣቡነ ኪዳነ የዕብዮ

ብፁዕ ኣቡነ ኪዳነ ብዛዕባ ኤጳርቅና ከረን ዝሓለፍምን ዝሓልፍም ዘሎ ከበድቲ ተመኩሮታትን ብድሆታትን ኣመልኪቶም፡ ብፍላይ ድማ ኣብ እዋን ምምስራት ኤጳርቅና ንዘጋጠሙ ብድሆታትን ኣፈታትሓኦምን ዘተኮረ ነበረ።

ዕላማ/Aim: ብዛዕባ ኤጳርቅና ከረን ህልው ኩነታት ንምሕባር ከንበጽሕሆ እንሓስቦ/ Objectives:

1. ብዛዕባ ፀይ ምዕራፍ ኤጳርቅና ከረን: ሓፈሻዊ ኣፍልጦ ንምህብ: ብፍላይ ምሥረታ ኤጳርቅናን ዝሓንጸጸ ዕላማታትን ብድሆታቱን ምርኣይ
2. ዝተረኽበ ዓወታት ምግምጋም
3. ኣብ ቅድሜና ዘሎ ብድሆታት
4. ናይ መጻኢ መደባት ንምሕንጻጽ
5. ኣብ ወጻኢ ንዝርከቡ ደቂ ኤጳርቅና ከረንን ሰብ ጽቡቅ ድላይን ኣብ ሕይወት ኤጳርቅና ብምልኣት ከምዝሳተፉን ዝዋስኡን ንምግባር፤

ስለዚ ብመሠርቱ ናይዚ ዋዕላ ዋና ዕላማ መንፈሳውን፤ ንኤጳርቅና ከረን ንብሕቱ ዝምልከትን እዩ።

ቆምስናታት

መካነ ሊቀ ካህናት	ቆምስና	ቤተ ጸሎት	ካህናት	
			ኤጺር	ግጎ
1. ቅድስት ሥላሴ - ከረን	18	16	29	6
2. መድኃኔ ዓለም ሓቢንመንተል	15	15	11	7
3. ኪዳነ ምሕረት - ሓጋዝ	6	11	9	-
ወጺኢ ዘለዉካህናት			8	
ጠ/ድምር	42	69	57	13

ድሕሪ ምምስራት ኤጳርቅና ዓበይቲ መደባት ዝነበሩ፤

I. ቅርጻ ምሕደራ ኤጳርቅና ምፍጣር

II. ተወሪሱ ዝነበረ መሬት ቤተክርስቲያን ምምላስ

III.ቤት-ጽሕፈት ኤጳርቅና ምሕናጽ

IV.መንበሪ ኣቡን ምሕናጽ

V. ካቴድራል ርእሰ-ኣድባራት ቅዱስ ሚካኤል ምሕናጽ

VI.ቤት-ምኽሪ መንበረ ጵጵስና ምምስራት (ብ14 የካቲት 1996 ቤት-ምኽሪ ተመስሪቱ)

ዓበይቲ ብድሆታት ኣብ ምምስራት ኤጳርቅና ዝነበሩ፤

I. ዝኾነ ይኹን ትሕተ-ቅርጻ ፍጹም ዘይምንባሩ

II. ትሕዝቶ - ገንዘብ ዘይምንባሩ።

<u>አብ 17 ዓመታት ዝተተግበሩ ስርሓት ኤጻርቅና</u>

- ቤት-ጽሕፈት ኩርያን ቤት ጽሕፈት ኤጻርቅና ብ2004 ተሰሪሑ ግቡእ አገልግሎቱ የወፈ አሎ።
- ንመንፈሳዊ ጉባኤታትን ንምምዕባል ዓቕሚ ሰብን ዘገልግል ዓቢይ ኣደራሽ ብ 2005 ዓ.ም. ተፈጺሙ አብ ኣገልግሎት ይርከብ።
- እቲ ንነዊሕ ዓመታት ዝተጻዕረሉ ዝተመኃተሉን መሬት ቤተክርስቲያን ድሕሪ 36 ዓመት ስርዓተ ቡራኬ እምነ-መሠረት ካቴድራል ርእሰ-ኣድባራት ቅዱስ ሚካኤል ተነቢሩ።
- ካብ 1996-2012 ኣስታት 21 ዝኾና ኣብያተ ክርስቲያናት ተሓኒጸን
- ቋንቋ ብሊን ንምምዕባል ዝሕግዛ 25 መጻሕፍቲ፤ ከምኡ እውን 12 ብቋንቋ ትግርኛ ዝተዳለዋ ጽሑፋት ተሓቲመን።
- ንጸዋዕታ ክህነት ብዝርኢ ድማ 36 መዓርገ ክህነት ተቐቢሎም 2ተ ድማ ብመዓርገ ዲቁና የገልግሉ ኣለዉ።

ዘይተፈጸሙ - ኣብ መስርሕ ሕንጻ ዝርከቡ መደባት ሕንጻ

- ኣብ መስርሕ ሕንጻ እትርከብ ካቴድራል ርእሰ-ኣድባራት ደብረ ቅዱስ ሚካኤል
- ኣብ ምዝዛም እትርከብ ቤተ-ክርስትያን ደብረ ቅዱሳን ጴጥሮሰ-ጳውሎስ ከተማ ሓጋዝ
- ኣብ መስርሕ ዝርከብ በዓል ክልተ ደርቢ መንበሪ-ጳጳስን መሳርሕቶምን
- ኣብ መስርሕ ዝርከብ መቐበል ካህናትን ዓበይቲ ተማሃሮን
- ቤት-ጸሎት ኣይባባ
- ቤተ-ጸሎት ደርሙሽ

ድሕሪ ምምሥራት ኤጻርቅና ዝተሰርሑ ኣብያተ-ትምህርቲ

- ሽናራ፡ ሓጋዝ፡ ኣወንጀሊ፡ ይግዓር፡ ጉሽ፡ ፋርአለባ፡ ሓሊብ-መንተል

ምእንትዚ ብመሰረት መግለጺ ብፁዕ ኣቡነ ኪዳነ ኣብ መጻኢ ክግበሩ ዘለዎም ስርሓት፤

- ✓ ንዝተጀመሩ ፕሮጀክትታት ድሕሪ ምውዳእ
- ✓ አውራ አተኩሮ ኤጻርቅና ኩሉ መንፈሳውን ማሕበራውን ንጥፈታት ቤተክርስቲያን ርእሱ ክኢሉ ዝነዓዘሉ መጻኢ መደባት ምስራዕን ምሕንጻጽን እዩ።
- ✓ ካብዚ ጉባኤ ትጽቢት ይግበረሉ ድማ ንዝተጠቕሱ መደባት አብ ሓጺርን ነዊሕ ዝጠመቱ መደባት ከዐውቱና ዝኽእሉ ውሳኔታት ከመሓላለ እጽበ ብምባል መግለጺኣም ዛዘሙ።

2. ጸብጻብ ኣባ ዑቑባጋብር ወልደጊዮርጊስ

ስዒቡ ዝቐረበ ሓፈሻዊ መግለጺ ድማ አብ ዕለታዊ መደባት ቤት ጽሕፈት ኤጻርቅና ዘተኮረ ኮይኑ፥ ዋና ጸሓፊ ቤት ጽሕፈት ኤጻርቅና ኣባ ዑቑባጋብር ወልደጊዮርጊስ ብኸምዚ ዝስዕብ ዝርዝራዊ መግለጺ አቕሪቦም።

ቤት ጽሕፈት ካቶሊካዊ ኤጻርቅና ከረን ግቡእ ትሕተ-ቅርጺ ዘማልአ፤ ምዱባት አባላት ቦርድ ዘለዎ፥ ካብ 2010-2014 ብዝጸደቐ ውጥን ስራሕ ዝምራሕ እዩ። ስለዚ አውራ ተልእኾ ቤት ጽሕፈት ኤጻርቅና፥

- ምውህሃድ ሥራሓትን መደባትን ኤጻርቅና
- ርክብ ምስ ሃገራዊ ቤት ጽሕፈትን ሰበኻውያን ኣብያተ ጽሕፈት ምግባር
- ርክብ ምስ መንግስታዊ ቤት-ጽሕፈታት ምክያድ
- ርክብ ምስ ዝተፈላለዩ ገበርቲ ሰናይን አህጉራውያን ትካላት ምምዕባል
- ሰበኻዊ ዓቅሚ ሰብ አብ ምምዕባል (integrated capacity building) እዩ።

አብ ትሕቲ ቤት ጽሕፈት ዝመሓደራ ክፍልታት፥

- ክፍሊ ሓዋርያዊ ግብረ ተልእኮ - መንፈሳዊ ኩስኮሳ መማህራን ትምህርተ ክርስቶስን መንእሰያትን
- ክፍሊ ትምህርቲ (ሙዓለ ሕጻናት - መባእታ - ማእከላይን - ካልኣይ ደረጃን)
- ክፍሊ ጥዕና - ኤች ኣይቪ ኤይድስ
- ክፍሊ ምዕባለ ደቓንስትዮ
- ክፍሊ ልምዓትን ሕጹጽ ረድኤትን እዮም።

አብ ሓጺር ጊዜ አብ ቤት ጽሕፈት ኤጻርቅና ክቆማ ዝሕሰባ ክፍልታ፥

- ➢ ቤት ጽሕፈት ፍትሕን ሰላምን - ድሮካ እንተሃለወ ብዝሔሸ ተወዲቡ ክሰርሕ
- ➢ ቤት-ምኽሪ ምእመናን - ብክፍሊ ሓዋርያዊ ግብረ-ተልእኮ ተማእኪሉ ክሰርሕ

- ብፍሉይ ንልምዓታዊ ንጥፈታት ዝከታተል ክፍሊ ክህሉዩ

ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ ክፍልታት ስራሕ ቤት-ጽሕፈት ኤጻርቅና ኣብ ውሽጥን ወጻእን ምስ ዝርከቡ መሻርኽቲ እናተላዘበ ይሰርሕ።

ክፍሊ መማዕበሊ ደቓንስትዮ

ቀንዲ ዕላማ ክፍሊ ምዕባሌ ደቓንስትዮ፥

- ደቓንስትዮ ካብ ድሑር ባህላውን ማሕበራውን ቕጠባውን ጸገማት ምግልጋል ኮይኑ፣ ኣብ ገንዘባውን፣ ትምህርታውን ሽነኻት ሓገዛትን ንቕሓትን ብምሃብ ይነጥፍ።
- ካብዚ ብዘይፍለ ድማ ሰብኣዊ ዓቕሚ ደቓንስትዮ ምምዕባል (capacity building) እቲ ዝዓበየ ኣተኩሮ ሂቡ ይሰርሓሉ ዘሎ እዩ።

ነዚ መሪሕ ሓሳብን መደባትን ተግባራዊ ንምግባር ከስ፥

- ብመሰረት ጠለብ ደቓንስትዮ ጤለ-በግዕን ኣእዱግን ገዚኡ ይዕድል
- ደቓንስትዮ ብዓቕመን ዘማዕብላኦ ወለድ-ኣልቦ መደብ ውህለላን ለቓሕን (micro credit) ይህብ
- ንምድላው ባህላዊ መግቢ (training on preparation of local food) ከም ጥሕኒ፥ በርበረ፥ ሽሮ ትምህርቲ ይህብ
- ንዝተፈላለዩ ሕማማት ተመሓላለፍቲ ሕማማትን ጎዳኢ ልምዳውን ባህላውን ነገራት (ምኽንሻብ ደቓንስትዮ) ንምክልኻል ጥዕናዊ ትምህርትን ጎስጋሳትን ይወሃብ።
- ከከም ዝምባሌኤንን ዓቅመንን ዝግበረለን ሓገዛት፤
  - ሰፈይቲ መኻይን ኣብ 28 ዓድታት ተዘርጊሔን
  - ምምዕባል ኢደ-ጥበብ (ማእለማ/hand-weaving ኣብ ዒላ-ፍረር ከም ፓይለት ፕሮጀክት ተጀሚሩ ይርከብ
  - ምምዕባል ትምህርቲ
  - 947 Solar kit (cooker) ብጸሓያዊ ሓይሊ ዝሰርሕ መጋበሪ መግቢ ተዘርጊሑ።
  - ደቓንስትዮ ማሕበር ኣቕመን ንውሕስነት መግቢ ዝሕግዝ ኣብ ሕርሻዊ ንጥፈታት ከምዝዋስኣ ይገብር።

ስለዚ ቤት ጽሕፈት ኤጻርቅና ክፍሊ መማዕበሊ ደቓንስትዮ ካብ ዝተፈላለዩ መሻርኽቲ ንዝረኽቦ ባጀት ብኸምዚ ዝስዕብ ዝስልዖ፥

- ✓ 50% income generation

- ✓ 25% Skill oriented programs
- ✓ 15% Education
- ✓ 10% Capacity building programs

አብ ዓመት ደቐንስትዮ ዓመታዊ በዓል ተሰሪዑለን ብርክት ዝበሉ መራሕቲ ሃይማኖትን ሓለፍቲ መንግስትን አብ ዝርከቡሉ አጋጣሚ ዝተፈላለዩ ድራማታትን ሃናጺ ጽሑፋትን ብምቕራብ በዓለን የብዕላ።

ክፍሊ ጥዕናዊ/ Health Department

ኣብ ኤርትራ ብካቶሊካዊት ቤተክርስቲያን ዝመሓደራ 30 **ክሊኒካት / ማእከል ጥዕናታት ከምዘለዋ ድሕሪ ምግላጽ፡ ካብዚኤን እተን ሾመንተ ኣብ ኤጻርቅና ከረን ከምዘለዋ ሓቢሮም። ካብዚኣተን፥**

- **አብ ከረን ዋሊኩ፥ አብ ሓመልማሎ፥ አብ ፈለዳርብን ሓልሓልን ዘለዋ ማእከል ጥዕና** (Health Centers) **ኮይነን ንሕሙማን አደቒሰን ዝሕክማሉ ካብ** 20-30 **ዓራት ዘለዎ እዩ።**
- **ካልኦት** (Health Stations – clinics) **አብ አሸራ፥ ግላስ፥ በጉ፥ ሓሊብመንተል ድማ ክሊኒካታት ኮይነን ንተመላለስቲ ሕሙማት ዝሕክማ እየን።**

እዘን ማእከላት ጥዕና ኣብ ዓመት ንልዕሊ 85 **ሽሕ ሕዝቢ ኣገልግሎት ከምዝህባ ሓቢሮም። በብዕለቱ አብ ኩለን ትካላት ጥዕና ጥዕናዊ ትምህርቲ ሕዝቢ ብዝርድኦ ቋንቋ ይወሃብ። እዘን ሾመንተ ትካላት ጥዕና ዝሸፍናኦ ብዝሒ ተገልገልቲ ድማ፥**

Health Centers

- **ቅዱስ ጊዮርጊስ ዋሊኩ** 22,237
- **ቅድስቲ ሉቺያ ሓመልማሎ** 16,438
- **ማርያም ደዓሪ ፈለዳርብ** 7,074
- **አስተርእዮ ማርያም ሓልሓልን** 11,949

Health Stations – clinics

- **ቅዱስ ሚካኤል አሸራ** 4,181
- **ልደታ ማርያም ግላስ** 7,850
- **ቅዱስ ዮሴፍ በጉ** 3,775
- **መድሓኔ ዓለም ሓሊብመንተል** 12,302

ካልኣይን አውራ ጠመተ ዝግበረሉ ድማ ጉዳይ ሕሙማን ኤች ኣይ ቪ እዩ። አውራ ካብቲ ዝግበር ስርሓት፥

- ✓ **ኣብ መንእሰታትን ስድራቤታትን ኣፍልጦ ኤች ኣይቪ ንክዓቢ ቀጻሊ ጎስጋስን ምንቕቓሕን**
- ✓ **በብቐምስናኡ ዘለዉ መንእሰያት ብገዛእ ወለንትናኦም ምርመራ ኤች ኣይቪ ከምዝገብሩ ምግባር**
- ✓ **አውራ ኣብ ስድራቤታት ብፍላይ ናብቶም በዚ ሕማም ንዝተለኽፉ ወገናት ዝግባእ ክንክንን ሓልዮን ክግበረሎም**
- ✓ **ኣብ ቁምስናታት ብሰናብትን በዓላትን ወለንተይናታት ብምዕዳም ምስክርነቶም ንኽህቡ ምንቕቓሕ**
- ✓ **ነቶም ዝኽታማት ምንባይን**
- ✓ **ሕሙማት ርእሶም ንክኽእሉ ንኡስ መደብ ለቓሕ ምትእትትው ይግበር።**



ንኣስታት 250 ዝኾኑ ሕሙማት ኤች ኣይቪ ቤት ጽሕፈት በብወርሑ ስሩዕ መደባት ተኸቲሉ ትምህርቲ ይህብ፥ ዕድመ ዘናውሕ መድሃኒት ስለዝወስዱ ድማ ኣብ መነባብሮኦም ይሕግዞም ሓገዛት (እኽሊ፥ ዲኤም ከይ፥ ዘይቲ፥ ሽኮር) ይወሃቦም።



ኣብ ኣጀርበብ ኣባላት ቤት ጽሕፈት ጎስጋስ እናገበሩ

ክፍሊ ትምህርቲ

ቀንዲ ዕላማታት ክፍሊ ትምህርቲ፤

- ❖ ምምዕባልን ብሉጽ ዓይነታዊ ትምህርቲ
- ❖ ምቹእ ትምህርታዊ ኩነታት ምፍጣር
- ❖ ርድኢት ትምህርቲ ኣብ ሕብረተ–ሰብ ምስራጽን
- ❖ ኣብያተ–ትምህርቲ ዘድሊ መሳለጥያ ከምዝማላኣለን ምግባርን
- ❖ ብቐጻሊ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብን ዘጠቓለለ እዩ።

ኣብ ኤጻርቅና ከረን ልዕሊ 25 ኣብያተ ትምህርቲ ብኤጻርቅና ዝመሓደራ ከምዘለዋን እዘን ኣብያተ ትምህርቲ ልዕሊ 7137 ተማሃሮ ከም ዘእንግዳ ሓቢሮም።

ቀንዲ ሽግር ብዛዕባ ጉዳይ ትምህርቲ ዝምልከት ገንዘባዊ ሽግር ምኻኑ ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣባ ዑቁባጋብር ካልኣይ ጉባኤ ነዚ ሽግር‘ዚ ኣቃልቦ ክህበሉ ተላብዮም።

ክፍሊ ልምዓትን ሕጹጽ ረዲኤትን

ኣብ ምድምዳም መግለጺኦም ክቡር ኣባ ዑቁባጋብር ቀንዲ ዕላማታት ልምዓታዊ ተበግሶ ቤት ጽሕፈት

- ውሕስነት ዝስተ ጽሩይ ማይ ንዓድታት ምልጋስ
- ውሕስነት መግብን ዕቑባ ኣከባብን (food security & enviroment) ዘተኮረ ፕሮጀክታት ምስንዳው
- ንዝተበላሸዉ መንገድታት ምጽራግን ምጥጣሕን
- ንብከላ ከባቢ ምክንኻንን ምግራብን
- ኣብ ሙዓለ ሕጻናት ዝተኮረ ገዚፍ ጠመተ ምግባር

ስለዚ ኣብ መደብ ትግባረ ዘለዉ ፕሮጀክታት፥

- ❖ ንሓረስቶት ምሩጽ ዘርኢ ብጊዜ ክራማት ምዕዳል
- ❖ ተኽሊ ሞሪንጋ ብሰፊሑ ዝሰፍሓሉ ኣገባብ ምጉስጋስ
- ❖ ጤለ–በጊዕ ከም ኣድላይነቱ ምዝርጋሕ
- ❖ መጎጎ ኣድሓነት ከምዝሰፍሕ ምግባር
- ❖ ጽገና ዝተበላሸዉ ሓጽብታት
- ❖ ክረምታዊ ማይ ንምዕቓብ ምሕናጽ ዓበይቲ ባስካታት

3. ዶ/ር ኣሚነ ኪዳነ ብዛዕባ ኩነታት ኤጻርቅና

(ኣበይ ነበርና፡ ኣበይ ኣሎና፡ ኣበይከ ክንከይድ ኢና)

ዶ/ር ኣሚነ ኪዳነ ብዛዕባ ኩነታት ኤጻርቅና ብዝምልከት መግለጺ ኣቅሪቡ። ኣበይ ነበርና፡ ኣበይ ኣሎና፡ ኣበይከ ክንከይድ ኢና?“ ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ፡ ንዝሓለፉ ኣብ ታሪኽ ኤጻርቅናና ንዘጋጠሙ ብድሆታት ኣብሪሁ።

ኣበይ ነበርና“

ኤጻርቅና ብ1995 **ኣብ ዝቆመትሉ እዋን** 50 **ሽሕ ብር መበገሲ ጥረ ገንዘብ ከምዝነበራ ድሕሪ ምሕባር፤ ኣብ መንነ** 1997 **ክሳብ** 2006 **ዓ.ም. ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣመሪካን ካናዳን** $224.427 **ንመስርሒ ካቴድራለ ከረን ከምዝኣተወ ሓቢሩ።**

ብ 2012 ኣበይ ኣሎና“

ካተድራል ቅዱስ ሚካኤል ኣብ ቀረባ እዋን ክውዳእ ተስፋ ከምዘለዎ ድሕሪ ምሕባር፡ ዘድሊ ሓበረታ ብዛዕባ ስራሓትን ኣሃዛትን ኤጻርቅና ኣብ ወብ–ሳይት ክርከብ ይከኣል።

ብ 2020 ኣበይ ክንበጽሕ ኣሎና“

መደባት ካብ 2012 ክሳብ 2020

- ቅዱሳት መጻሕፍቲ (ቅዳሴ፡ ወንጌል፡ ግጻዌ) ብቋንቋ ብሊንን ትግርኛን ተሓቲሞም ኣብ ኩለን ቆምስናታትን ቤተ–ጸሎታት ኤጻርቅና ኪዝርጋሑ። ቀንዲ ዕላማ ናይ እዚ መድብ እዚ ክብሪ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ብዘርኢ ኣገባብ ዝተሓትሙ ዓይነታውያን ቅዱሳት መጻሕፍቲ ምዝርጋሕ እዩ።
- ኣብ ኩለን ቆምስናታት ኤጻርቅና መኣከቢ ኣደራሽ ኪሕነጽ
- ቀዋሚ ተዋጽኦ – ገንዘብ (fundraising) ንሓገዝ ኣረጋውያን ካህናት ኪህሉ
- እቲ ብ 1873 ዓ.ም. ዝተሰርሐ ገዳም ዘርኣ–ክህነት ኪሕደስ
- መደብ ሕንጻ ካተድራል ቅ. ሚካኤል ከረን ኪውዳኣ
- መደብ ሕንጻ ዓብይ ገዳም መንበሪ ኣረጋውያን ካህናትን ዓበይቲ ተመሃሮ ዘርኣ– ክህነትን ክዛዘም፣
- ኣብ መንፈሳውን ልምዓታውን ጉዳያት ምትሕብባር

4. ዶ/ር ክፍለማርያም ሓምደ ብዛዕባ ኩነታትን ባህልን መንነትን ካልኣይ ወለዶ ኣብ ወጻኢ

ዶ/ር ክፍለማርያም ሓምደ „ብዛዕባ ኩነታትን ባህልን መንነትን ካልኣይ ወለዶ ኣብ ወጻኢ“ ኣስተምህሮ ኣቅሪቡ። ኣብ ኣስተምህሮኡ፡ ኣብ መንጎ ቀዳማይ ወለዶን ካልኣይ ወለዶን ዘሎ ናይ ኣተሓሳስባን ባህልን ፍልልይ ምህላዉ ኣዝዩ ሰፊሕ ምኻኑ ገሊጹ። ባህልና ናብ ካልኣይ ወለዶ ብኸመይ ኣገባብ ነመሓላልፎ? ዝብል ሕቶ ኣብ ቀጻልነት ባህላና ኣብ ዲያስፖራ ኣገዳስን ወሳንን ምኻኑ‘ውን ኣብሪሁ።

5.ዲያቆን ብርሃነ ኢብራሂም (ህላዌና ከመይ ይመስል?)

ዲያቆን ብርሃነ ኢብራሂም „ህላዌና ከመይ ይመስል?“ ብዝብል ኣርኣስቲ ናይ ዝሓለፉ ኩነታት ኤጻርቅና ከረን ብፍላይ ኣብ 50ታት ኣብ ትምህርታውን መንፈሳውን ማሕበራውን ጉዳያት መደረ ሂቡ።

6.ኣባ ኣስፈሃ ኪዳነማርያም (ማዕዳ)

ክቡር ኣባ ኣስፈሃ „ኤጻርቅናና ብኸመይ ኣገባብን መንገድን ክንሕግዝ ንኽኣል?“ ኣብ ዝብል ናይ ማዕዳ መደሪኦም፡ ምሕጋዝ ኤጻርቅና ብፍላይ ናይ‘ም ኣብ ወጻኢ ዝቅመጡ ደቂ–ኤጻርቅና ዝምልከት ምኻኑ ኣብሪሆም።

ናይ ዘተ ጉጅለታት / Workshops

ድሕሪ ናይ መግለጺታትን መደረታትን ሕቶታትን መድረኽ፣ ተኻፈልቲ ጉባኤ ኣብ ሰለስተ ናይ ዘተ–ጉጅለታት ተመቂሎም። ኣብዘን ዝስዕባ ሰለስተ ኣርእስትታት ከኣ ክትዓት ኣካዪዶም።

1. ኤጻርቅና ከረን ርእሳ እትኽእለሉ መንገድታትን ጥበብን ምንዳይ
2. መደባት ምዕብልናን ልምዓትን ኣብ ኤጻርቅና ብኸመይ ይሕገዙ?
3. ክንበጽሖም ኣንደልዮም ዕላማታት ከመይ ንፈትሖም?

ጽማቕ ውጽኢት ናይ ዘተ ጉጅለታት እዞም ዝስዕቡ እዮም፤

1. ኤጻርቅና ከረን ርእሳ እትኽእለሉ መንገድታትን ጥበብን ምንዳይ
   - ወርሓዊ ዉጽኢት ካብ ኩሎም ደቂ ኤጻርቅና
   - ጥርኑፍ ማሕበርን ሽማገለን ብዓለም ደረጃ ኣብ ኮንፈረንስ ምምስራት
   - ዝተፈላልዩ ዓመታዊ ክብረ በዓላት (ቅ. ሚካኤል፡ ደዓሪ) ኣብ ኩሉ ኩርንዓት ዓለም ብምድላው፡ ናይ ገንዘብ መኤከቢ ምንጭታት ምንዳይ
   - መንእሰያት ኣብ መስርሕ ክሳተፉ ባይታ ምፍጣር
2. መደባት ምዕብልናን ልምዓትን (ጥዕና፡ ትምህርቲ) ኣብ ኤጻርቅና ብኸመይ ይሕገዙ?
   - ኣስማትን ኣድራሻን ናይ ሕክምና ሞያውያን ብዓለም ደረጃ ምእካብን፡ ንኹሉ ዘማእከል ምትእስሳር (networking) ምምስራት
   - ናይ ኩላቶም ደቂ ኤጻርቅና ምትእስሳርን ምጥርናፍን ምምእካል
3. ክንበጽሖም ኣንደልዮም ዕላማታት ከመይ ንፈትሖም?
   - ቅዱሳት መጻሕፍቲ (ቅዳሴ፡ ወንገል፡ ግጻዌ) ብቋንቋታት ብሊንን ትግርኛን ትሓቲሙ ኣብ ኩለን ቁምስናታትን ቤተ–ጸሎታት ኤጻርቅና ክዝርጋሕ
   - ገንዘባዊ ሓገዝ ንምርካብ፡ ካብ ኣቡን መሰነይታ ጽሑፍ ምሕታት (ካብ ኣቡን ብጽሑፍ ክመጽእ እንከሎ ዝያዳ ተቀባልነት ይህልዎ)

ውሳኔታት ካልኣይ ጉባኤ

1. ሽማገለታት፡

ኣብ ልዕሊ እቶም ኣብ ኮሎምቦስ ሕቡራት ሃገራት ኣመሪካ ብ 2010 ዝተኻየደ ጉባኤ ዝተመርጹ ሽማገለታት፡ ኣሕዋትና ኣብ ሽወደንን ኖርወይን ዘለዉ ብ 2 ሰባት ክውከሉ ጉባኤ ወሲኑ። እዞም ኣብ ጉባኤ ዝተሳተፉ

- ዶ/ር ክፍለማርያም ሓምደ (ሽወደን)
- ተኪኤ ዓልበኪት (ኖርወይ) እዮም።እዚኣቶም ኣብ ቦታኦም ተመሊሶም ንዝነበረ ኩንታት ጉባኤ ነሕዋቶም ኣካፊሎም ወከልቶም ብቅልጡፍ ክሕብሩ ሓደራ ተነቢርሎም።

ኣቶ ተኽለሃይማኖት ብርሃነ ከም ኣባል ሽማገለ ሓላፍነቱ ብናጻ-ድሌቱ ስለዘውረደ መተካእታኡ፡ ኣቶ ሃብተዝጊ ዓውተናን ዲያቆን ብርሃነ ኢብራሂምን ንደቂ/ ኤጻርቅና ኣብ ጀርመን ዚነብሩ ፡ ኪውክሉ ተመሪጾም።

ኣብ ሃሃገሩ ሽማገለታት ንቋም፡
ኣብ ኩለን ደቂ- ኤጻርቅና ዚርከብወን ሃገራት ዞባውያን ሽማገለታት ክህልዋን ክምረጻን ጉባኤ ወሲኑ።

ኣስማት ፈጻሚት ሽማገለታት፡(CEK Conference Executive Board)

- ዶ/ር ኣሚነ ኪዳነ (USA)
- ኣስፈሃ ወልዱ (USA)
- ኣግኣዚት ስዩም (USA)
- ኣማኑኤል ዮሴፍ (USA)
- ግንቦት ተስፋሚካኤል (Canada)
- ዲያቆን ብርሃነ ኢብራሂም (Germany)
- ሃብተዝጊ ዓውተና (Germany)
- ዶ/ር ክፍለማርያም ሓምደ (Sweden)
- ተኪኤ ዓልበኪት (Norway)
- ሓምድ ፋደጋ (U.K.)
- ክፍለየሱስ ገብረቅዱስ (France)

2. ወርሓዊ ውጽኢት፡

ዝኾነ ወዲ/ጓል ኤጻርቅና 15 EURO ወይ ከኣ 20 $ (Dollar) ወርሓዊ ውጽኢት ካብ ወርሒ መስከረም 2012 ጅሚሩ ብባንክ ሕሳብ ከመሓላልፍ ጉባኤ ወሲኑ።

3. ዉሳኔ ጉባኤ 2010፡

እቲ ኣብ ቀዳማይ ዓለም ለኻዊ ጉባኤ ብ 2010 ዝተወሰነ ናይ ገንዘብ ምውጻእ ውሳኔ (500 $ (Dollar)/ 300 EURO) ክቅጽል ጉባኤ ወሲኑ። እዚ ማለት ከኣ ኩሎም ጉቦኦም ዘይከፈሉ/ላ ደቂ/ጓል ኤጻርቅና ጉቦኦም ከማልኡ ጉባኤ ተላብዩ።

4. ቅዱሳት መጻሕፍቲ፡

- ቅዱሳት መጻሕፍቲ (ቅዳሴ፡ ወንገል፡ ግጻዌ) ብቋንቋት ብሊንን ትግርኛን

ትሓቲሙ ኣብ ኩለን ቁምስናታትን ቤተ-ጸሎታት ኤጻርቅና ክዝርጋሕ ጉባኤ ወሲኑ። ቀንዲ ዕላማ ናይ እዚ መደብ እዚ ክብሪ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ብዘርኢ ኣገባብ ዝተሓትሙ ዓይነታውያን ቅዱሳት መጻሕፍቲ ምዝርጋሕ እዩ።

ካልኣይ ዓለም-ለኻዊ ጉባኤ ኤጻርቅና ከረን ብዕለት 19 ነሓሰ 2012 ብመሥዋዕተ-ምስጋና ብፁዕ ኣቡነ ኪዳነ የዕብዮ ዝመርሕዎ ቅዳሴን ብመዛዘሚ ቃላት ኣዳለውቲ ጉባኤን ተዛዚሙ።

<u>መተሓሳሰቢ፡</u>

ኣብ ጉባኤ ዝቀረቡ መግለጺታትን መደረታትን ብጽሑፍ መልክዕ ስለዝቀረቡ፡ ንዝያዳ ሓበረታን ኣፍልጦን፡ ኣብዞም ጽሑፋት ምውካስ የድሊ።